# ኣኼባ ወለዲ ተመሃሮ ቛንቛ ኣደ ኦስሎ

ማሕበር መምህራን ቛንቛ ኣደ ብዝገበሮ ዕድመ መሰረት ወለዲ ምስ መምህርን ብዕለት 06.06.2009 ኣኼባ ኣካይዶም።

ኣቐዲሙ ብዛዕባ ሓድሽ ቤት ትምህርቲ ከም ዝተረኽበ ተገሊጹ። እዚ ቤት ትምህርቲ ኣብ ሃውገሩድ ኩይኑ ብዛዕባ ኣድራሻኡ ብዝምልከት ንወለዲ ክሕበር ምኻኑ ተገሊጹ። እዚ ኣብ ከተማ ዝነበረ ቤት ትምህርቲ ክራይ ከምዝነበረን ኣዚዩ ከምዝኸበረን በዚ መሰረት ነዚ ሓድሽ ቤት ትምህርቲ ክናድዩ ከምዝተገደዱን ተሓቢሩ።

እዚ ሓድሽ ቤት ትምህርቲ ብ 29.08.2009 ክኽፈት ኢዩ። ንግዚኡ 4 ክፍልታት ተታሒዙ ኣሎ። ክልተ ሓደሽቲ መምህራን ተረኺቦም ስለዘለዉ እቲ ዝነበረ ስክፍታታት ተመሓይሹ ኣሎ። እዚ ቤት ትምህርቲ መምህራን እንዳኸፈለ ስርሑ ይቕጽል ከም ዘሎ ተገሊጹ። ስለ ዝኾነ ከኣ ንቐልዑት ቛንቛ ኣደ ክንምህር ንኽእል ኢና ዝብሉ ተገደስቲ ቀዳም ቀዳም ካብ ሰዓት 11.00 ክሳብ 13.00 ዘሎ ግዜ እንዳተኸፍሉ ክሰርሑ ከምዝኽእሉ ተሓቢሩ። ስለዚ ክምህሩ ንዝኽእሉ ክሕበሩ መተሓሳሰቢ ቀሪቡ።

ቀዳማይ ሰሚስቴር ካብ 29.08.2009 ክሳብ 30.11.2009 ይኸውን። ካልኣይ ሰሚስቴር ከኣ ካብ ወርሒ ጥሪ ጀሚሩ ክሳብ 30.06.2010 ዘሎ ግዜ ይኸውን። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ከኣ ዋናታት ቤት ትምህርቲ ብዝሃብዎ መምርሒ መሰረት ኢዩ።

ክፍሊት ብዝምልከት፡

1. ንሓደ ቆልዓ 500 ክሮነር ን ሓደ ሰሚስቴር።
2. ንኽልተ ቆልዑ 800 ክሮነር ን ሓደ ሰሚስቴር።
3. ንሰለስተ ቆልዑ 1000 ክሮነር ን ሓደ ሰሚስቴር።

ኣብ ሐደ ሰሚስቴር ንኣባላት ማሕበረ ሰብ ዝኾኑ ናይ 100 ክሮነር ሕድገት ይግበረሎም። ተፈጻምነቱ ከኣ ዓመታዊ ክፍልቲ ምስ ዝህሉው ጥራይ ኢዩ።

ዝመጽእ ዘሎ ቀዳም 13.06.2009 መዕጸዊ ንዓመታዊ ዕረፍቲ ንወለዲን ተመሃሮን ምትእኽኻብ ክግበር ኢዩ። ወለዲ ብዝካኣሎም መጠን ከም ሕምባሻ፡ ኬክ፡ ሻሂ፡ ቡን ዝኣመሳሰሉ ሒዞም ክመጹ ትጽብት ኣሎ።

ኣብ መደምደምታ ክብሃል ዝክኣል እዝኦም መምህራን ንብዙሕ ዓመታት ከይሰልከዩን ደኸሙና ከይበሉን ህላዌ እዚ ቤት ትምህርቲ ምርግጋጾም ብሓቂ ውልቃዊ ኣድናቖትን ኣኽብሮትን ኣሎኒ። ንመጻኢ ከኣ ዓወትን ኣሳልጦን ይምነየሎም።

ተስፋሚካኤል ዮሃንስ

ኦስሎ ኖርወይ

Please purchase 'docPrint PDF Driver' on http://www.verypdf.com/artprint/index.html to remove this message.